ኣክሱም ፖሊቴክኒክ ኮሌጅ ን 2008 ዓም ግልጋሎት ዝዉዕል ናይ ፅሕፈት መሳርሒ: ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት :ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑት :ናይ ፅሬት ኣቑሑት: ናይ ህንፃ መሳርሒ ኣቑሑት :ናይ ኤሌክትሪክ ኣቑሑት ንምግዛእን ዘተፈላለዩ ቅጥዕታት መፅሓፍን ንምሕታምን ስለዝደለየ ንሕጋዊ ነጋዶ ክጫረቱ ይደሊ ስለዚ ካብ ዕለት 28 /12 /2007 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 06/1/ 2008 ዓም ሰዓት 600 ቅድሚ ሰዓት ኣብ ኮሌጅና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ዝተዳለወ ሰነድ ንሕድሕድ ዘይምለስ ብር 20 ከፊልኩም ብምዉሳድ መወዳደሪ ዋጋ መሊእኹም ሕድ ሕድ ሰነድ በበይኑ ምስ ደክሜንት ብዝተዓሸገ ፖስታ ናብ ዘዳለናዩ ሳንዱቕ ከተእትዉ ትኽእሉ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ነሓሰ 28, 2007 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 6, 2008 06:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ኣክሱም
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን:
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩምን ዘሐደስኩምን ኮፒ ተቕርቡ

2 መለለይ ቁፅሪ/TIN/ ዘለኩምን ኮፒ ተቕርቡ

3 ተወሳኪ እሴት ታክሲ /ቫት/ ዝተመዝገብኩምን ናይ ወርሒ ሐምለ ዲክለር ዝገበርኩምሉ ኮፒ ተቕርቡ

4 ዝተሐደሰ መቅረባይነት ዘለኩምን ኮፒ ተቕርቡ

5 ንፅሕፈት መሳርሒ ንኤሌክተሮኒክስ ኣቑሑት ንመኪና መለዋወጢ ኣቑሑትን ቫት ዝተመዝገብኩም ጥራሕ ትወዳደሩ

6 ንፅሬት ኣቑሑት ንሕንፃ መሳርሒ ኣቑሑት ንኤሌክትሪክ ኣቑሑት ንሕትመትን ቫት ዝተመዝገብኩምን ዘይተመዝገብኩምን ክትወዳደሩ ትክእሉ

7 ንጨረታ መክበሪ ንፅሕፈት መሳርሒ : ንኤሌክተሮኒክስ ኣቑሑት ንመኪና መለዋወጢ ኣቑሑትን ንሕድሕድ ብር 5000 ንፅሬት ኣቑሑት :ንሕንፃ መሳርሒ ኣቑሑት :ንኤሌክትሪክ ኣቑሑት ንሕትመትን ንሕድሕድ ብር 2000 ብጥረ ገንዘብ ብሰፒኦ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ከትሕዙ ትኽእሉ

8 ጨረታ ዝዕሸገሉ ዕለት 06 /01/2008 ዓ/ም ሰዓት 8:30 ድሕሪ ሰዓት

9 ጨረታ ዝክፈተሉ ቦታ ኣብ ኣክሱም ፖሊቴክኒክ ኮሌጅ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳር

10 ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት 06/01/2008 ዓ/ም ሰዓት 8:45 ድሕሪ ሰዓት ተጫረቲ ወይም ድማ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኸብሉ ዝኽፈት ኮይኑ ዘድሊ መረዳእታ ጨረታ ምኽበሪን ኣማሊኡ ኣብ እዋን ጨረታ ምክፋት ዘይተረኸበ ተወዳዳራይ ከምዝሎ ተሓሲቡ ክወዳደርን ንዘሸነፎ ከቕርብን ይግደድ
11 ንኤሌክትሮኒክስ ኣቁሑት ንፕሪንተርን ፎቶ ኮፒን ቀለማትን ንሕድሕድ ናይ 3ተ ወርሒ ዉሕስና ክህብ ዝኽእል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ንዝሰዓሮ ንብረት ኣብ ዉሽጢ 5† መዓልቲ ዉዕሊ አሲሩ እቲ ንብረት ኣብ ዉሽጢ 10† መዓልቲ ብናይ ባዕሊ መጓዓዓዚ መፅዐንን መራገፍን ናብ ኮሌጅና የቕርብ

13 ናይ ዝሰዓሮ ንብረት መኽበሪ ዉዕሊ 10% ብጥረ ገንዝብ ስፒኦ ዘትሕዝ

14 ካብቲ ንጨረታ ዝወፀ ንብረት 20% ክቅንስን ክውስክን ከምንክእል

15 ተጫረቲ ኣብ ናይ ጨረታ ዶክሜንቶም ማህተምን ፊርማን ባዓል ዋና እንተዘይሃልዎን ተቐባልነት ኣይህልዎን

16 ኮሌጅና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

17 ንተወሳኪ ሓበሬታ ብኣካል ብምምፃእ ወይም ብስልኪ ቁፅሪ 0347753705 ምድዋል /ምሕታት/ ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle